# ናይ ኣጎስቲኖ ታሪኽ

# Agostino’s story


LIDA Italia

Billie Cejka Risnes

Seyum


5

ትግርኛ ti / English en

ኣጎስቲኖ ይበሃል ወዲ 51 ዓመት እየ። ስርሐይ ብብሽክለታ ምግቢ ምብጻሕ እዩ። ክልተ ኣዋልድ ኣለዋኒ ኮይኑ ግን ብስሩ ኣይነዋግዕን ኢና። ኣነን ኣዲኦንን ስለ ዝተፋታሕና ብሓባር ኣይንነብርን ኢና።

• • •

My name is Agostino and I am 51 years old. My job is delivering food by bicycle. I have two daughters, but we hardly ever speak. Their mother and I no longer live together because we are divorced.

ድሕሪ እቲ ፍትሕ ክራይ ገዛ ክኸፍል ዓቕሚ ስለዘይብለይ ምስ ኣደይ እየ ዝነብር። ኣብዚ ከተማ ክራይ ገዛ ኣዝዩ ክቡር እዩ።

• • •

I live with my mother, as I cannot afford to pay rent after the divorce. Rent is very expensive in this city.

ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ኣብ ሓደ ትካል ከም ጽሬት ይዝሰርሕ ነይረ። ዝተበላሸወ ነገራት እጽግን፣ ሳንዱቕ ይሸከም ዝኹነ ሰብ ኣብ ዝደልየኒ እዋን ድማ ብምሕጋዝ ይሰርሕ ነበርኩ። ሓደ መዓልቲ እቲ ትካል ካብ ስራሕ ኣባረረኒ። ንምንታይ ከም ዝተባረርኩ ኣይተረድኣንን።

• • •

A few months ago I was working as a janitor for a company. I repaired things that were broken, carried boxes, and helped when anyone needed it. One day the company fired me. I did not understand why.

ብዙሓት ሰባት ብብሽክለታ ምግቢ ከብጽሑ ረኣኹ። ብሽክለታ ክዝውር ስለ ዝኽእል ማዕጾ ናይ ሓደ ዓቢ ምግቢ ኣብ ምብጻሕ ዝሰርሕ ትካል ኣንኳሕኳሕኩ። ንነፍሲ ወከፍ ምብጻሕ ሰለስተ ዩሮ ከም ዝኸፍሉኒ ነገሩኒ። ኣብ መዓልቲ 40€ እረክብ። ኣዝየ ዕድለኛ እንተኾይነን ዓማዊል መቕሹሽ እንተሂቦምኒን 60€ ይረክብ።

• • •

I saw many people delivering food by bicycle. I can ride a bicycle, so I knocked on the door of a big delivery company. They offered me three euros for each delivery. I make 40€ per day, 60€ if I am very lucky and the customers tip me.

ኣብ በዓል ኣይኽፈለንን፣ ኣብ እዋን ሕማም ‘ውን ደሞዝ የለን፣ ኣብዚ ትካል ዳርጋ ፈጺሙ መሰል የለን። እዚ ትኽክል ኣይመስለንን፣ እቲ ስራሕ ግን የድልየኒ እዩ። መብዛሕትኦም እቶም ካልኦት ሰራሕተኛታት እዚ ትካል ካብ መላእ ዓለም ዝመጹ ስደተኛታት እዮም።

• • •

I get no paid holiday, no sick pay, hardly any rights at all. I do not think that is right, but I need the job. Most of the other employees are immigrants from all over the world.

ብዙሓት ኣብ ምብጻሕ ዝሰርሑ ሰባት መዓልታዊ ብሓደጋ ይጉድኡ እዮም። ሓደ ግዜ ሓደ ወዲ 25 ዓመት መብጽሒ ምግቢ ብመኪና ተገጭዩ ምስ ሞተ ሰበስልጣን ከስተብህሉና ጀመሩ። እዚ ከይኮነ ክመውት ምኽኣሉ ኣዝዩ ዘሕፍር እዩ።

• • •

Many delivery people are injured in accidents every day. Then, when a 25-year-old deliveryman was hit by a car and died, the authorities started noticing us. It is a shame he had to die before that happened.

ምስ ካብ ካልኦት ትካላት ዝመጹ ኣብ ምግቢ ምብጻሕ ዝሰርሑ ሰባት ብምኳን ምስ ሓደ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ማሕበር ሰራሕተኛታት ብዛዕባ መሰል ሰራሕተኛታት ዝምልከት ትምህርቲ ወሲደ። ንሳቶም ድማ ብነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ይህቡና ነበሩ። ዝያዳ ኣፍልጦን መሰልን ንምርካብ ተቓሊስና።

• • •

Together with delivery people from other companies, I took a course on workers’ rights with a local union. They offered us legal advice free of charge. We struggled to get more recognition and rights.

ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ኩሉ ጻዕርና ፍረ ረኺበ። ሓደ ዓብዪ ናይ ምብጻሕ ትካል ዓቢ መቕጻዕቲ ክኸፍልን ንሰራሕተኛታት ቀዋሚ ስራሕ ክህቦምን ነይርዎ። ኣብ ዝኾነ ክፋል ዓለም ንመጀመርታ ግዜ እዩ እዚ ኣጋጢሙ። ሕጂ ግን ነገራት ምምሕያሽ ዝጀመሩ ይመስል።

• • •

After a long time all our hard work paid off. One big delivery company had to pay a huge fine and to give workers permanent jobs. It was the first time that had happened anywhere in the whole world. It looks like things are starting to improve.

# LIDA Stories

lidastories.net

## ናይ ኣጎስቲኖ ታሪኽ

## Agostino’s story

LIDA Italia
Billie Cejka Risnes
Seyum (ti)

CC BY